# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703

እዚ ሐዚ ዘለናዮ ግዜ ህዝብና ብዕጽዋ ፋሽሽታውያን ዝሳቐየሉ፤

ብፋሽሽታውያን ሓይልታት ህዝብና ብጥምየትን ብሕማምን ካብ ገጽ ምድሪ ክበርስ ዝተፈረደሉ፤

ማሕበረ ሰብ ዓለም ነዚ ኹሉ ጸበባ ሪኡ ከምዘይረኣየ ፣ ሰሚዑ ከምዘይሰምዐ፣ ሸለል ዝበለሉን ብዙሕ ድማ

ዝተዘረበሉ ሓቂ ምኻኑ፤

ስለዚ ማተሰኣ ኣብከምዚዩ ዓይነት ኹነታት ኾይኑ መበል 47 ዓመት ıı ለካቲት እንተኽብር እንከሎ ኣብ ህዝብና በጺሑ ዘሎ ጸበባን መከራን ክብድህን ከምወትሩ ድማ ኣብ ኃኒ ህዝቡ ተሰሊፉ ነዞም ናይ ግዳምን ውሽጥን ፋሽሽታዊያን ጸላእቲ ኩለ መዳያዊ መኸትኡ ኣጠናኺሩ ብትረት ክቃለሶም ምኻኑ የረጋግጽ።

ማተሰኣ ይትረፍዶ ሎሚ ብኣሸሓት ዝቑጸሩ ዴያስፓራ ተጋሩ ደጀን ሒዙ ቐደም እውን በይኑ እናሃለወ ኣብ ኃኒ ህወሓትን ህዝብ ትግራይን ብትረት ጠጠው ኢሉ ዘይሕለል ቓልሲ ምክያዱ ታሪኽ ምስክር እዩ።

ኣብዚ እዋን እዙይ ትግራይና ብ360 ድግሪ ተኸቢባ ምትንፋስ ክትስእን ንዝገበሩ ጸላእቲ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብሩ ተጋሩ ኣብ: ዝተፈላለየ ናይ ቃልሲ መዳይ ብምንጣፍ እዚኽባ እዙይ ንምውጋዝ ዋዒ: ቑሪ: ብርሃን: ጸላም: በረድ ሃሩር: ከይዓገቶም ለይትን ቐትርን ዕቱብን መሪርን ቓልሲ የካይዱ ኣለዉ። ማተሰኣ ነዚ ተባዕን ፅዋርን ህዝቢ እዙይ ዘለዎ ናእዳ ኣዝዩ ዓብዪ እዩ።

ንዘሓለፉ ኣስታት 4 ዓመታት ተጋሩ ህልውነኦምን መንነቶምን ዘፅንት ጨፍላቒ ኣሃዳዊ ስርዓት ናብ ስልጣን ብምምጽኡ ነባር ማሕበራትን ሓደሽትን ብበዝሒ ተፈጢረን እየን። ነዘን ማሕበራት እዚኦን ድማ ሓንኃፉይ ኢልካ ምቕባል ናይ ግድን ይኾን። ጥምረት ተጋሩ መአንታ ሕብረት ተጋሩ እውን ግዜ ዘይወሃቦ ኣገዳሲ ጉዳይ ምኻኑ ዝተኣመነሉ ኮይኑ፣ ብሽም ሕብረት ምሽማይ፣ ምትሕውስዋስን: ቅጥዒ ኣልባ ምኻን ግን ግቡእ ከምዘይኮነ ማተሰኣ ኣፀቢቑ ይኣምን። የግዳስ ብኣንጻሩ ንሕብረት ተጋሩ ክበሃል ምትሕልላይ፣ ምፍቓርን እሂን ምሂን ምባልን ኣድላዪነቱ ኣገዳሲ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ህልውንኡን መንነቱን ክነፅት ኣብ ቀልቀል ገደል ኣብ ዝበጽሐሉ እዋን መንግስቲ ትግራይ ውሕሉል ናይ ኣመራርሓ ስልትን ስትራተጅን ብምውዳድ ህዝብና ብዘይካ ውሱናት ከባብታት መብዛሕትኡ ካብ ብርሰት ክድሕን ገይሩ እዩ። ማተሰኣ ነዚ ዉሕሉል ተግባር ዘለዎ ናእዳ ዕዙዝ እዩ።

ነዚ ብመንግስቲ ትግራይ ብሳይንሳዊ ስልትን ስትራተጅን ተሃኒፁ ቤዛ ኾይኑ ሂወቱ ወፍዩ ሂወት ህዝቢ ካብ ፋሽሽታውያን ወረርቲ ሓይልታት ግፍዕን መከራን ዘድሐነን ሕዚውን ንቕድሚት እናገስገሰ ንጸላእቲ ኣብ ምቕባር ዝርከብ እንኮ መድሕን ትግራይ ንዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ማተሰኣ ዝህቦ ልዑል ናእዳን ምስጋናን ኽብርን ኣዝዩ ዓብዪ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ህዝብና ዘይምዕዳል ኮይኑ ንዘመናት ብኸዳዓት ባንዳታትን ባዕዳውያንን ዘስካሕክሕ መጽቀቲ በጺሑካ እዩ:: ሕዝውን ናይ ሕሉፍ መቐጸልታ ግን ኣብ ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ምጽናት ዘርኢ ይካየደካ ኣሎ:: ህዝብኻ ብጥምየትን ብሕማምን ይውዳእ ኣሎ :: ንብረትካ ቅርስኻን ቅያኻን ይበርሱ ኣለዉ::

ብሓፈሽኡ ኣብ ሃለዋትካን ድሕንነትካን ጀኖሳይድ ይፍጸመካ ኣሎ::እቲ ዝገርምን ንማሕበረሰብ ዓለም ዘስደመመን ግን ንፋሽሽታውያንን ዓንገልቶምን ዓነውነው ክተብሎም ብምኽኣልካ እዩ:: ነዞም ታሪኻዊ ጸላእትኻ ዝሕዙዎን ዝጭብጡዎን ኣስኢንካ ፈረኸረኽ ኣቢልካዮም ኢኻ እሞ እንኳዕ ደስ በለካ:: ታሪኻዊ መቓልስትኻ ማተሰኣውን ክሳብ ጸላእትኻ ተዳሂኾም ዝቕበሩ ኣብ ጎንኻ ኮይኑ ከምዝምክት ቓል ይኣቱ::

ካልእ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ቤተ እምነታት ትግራይ ዝወሰደኦ ዘየማትእ ቅዋም በዙይ ኣጋጣሚ ማተሰኣ ዝተሰመዖ ሓጎስ ኣዝዩ ዓብዩ ምኻኑ ክገልፅ ይፈቱ::

ሃለዋትናን ድሕንነትናን ብቕልጽምና!

ትግራይ ትስዕር

02/19/2022

**Union of Tigreans in North America (UTNA)**